ሰውራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ

الجبهة الديمقراطية الثورية الاريترية

ERITREAN REVOLUTIONARY DEMOCRATIC FRONT

# <u>ሰላሕታዊ ኣከያይዳ ርእሰ-ፋሽስት ኢሳያስን ሓደግኡን</u>፤

ኤርትራን ህዝባን ኣብ ከቢድ ሓደጋ ተሳጢሖም ምህላዎም ንኹሉ ብሩህ ኮይኑ ኣሎ። ኤርትራ ሃገርና፡ ኣብ ትሕቲ ርእሰ-ፋሽስት ኢሳያስ፡ ናጽነታን ልዑላውነታን ዓቂባ ክትከይድ ድያ ዝብል ሕቶ ኣብ መብዛሕትኡ ኤርትራዊ ዓው ኢልካ ዝላዓለሉ እዋን በጺሕና ኣሎና። እዚ ብዘይ ምኽንያት ኣይኮነን። በብእዋኑ እናንጎልሁ ዝመጹ ሓቅታት ኣለዉ። ናብ'ቶም ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ፈጢጦም ወጺኦም ዘለዉ ጭብጥታት ቅድሚ ምዝርዛርና፡ ንድሕሪት ምልስ ኢልና ነዚ ሎሚ ዝረአ ዘሎ ሓደጋታት መሰረት ዝኾኑ ተግባራት ብሓጺር ምዝካር ጠቓሚ እዩ።

ርእሰ-ፋሽስት ኢሳያስ፡ ገና ናብ ሜዳ ኤርትራ ክጽንበር እንከሎ ኣትሒዙ፡ ልኡኽ ስለላ ኣሜሪካን ስርዓት ሃጸይ ሃይለስላሴን እዩ እናተባሃለ ክሕመ ብተደጋጋሚ ዝሰማዕናዮ እዩ። ካብ ጀብሃ ተነጺሉ ሰልፊ ናጽነት ኤርትራ ካብ ዝመስረተሉ እዋን ንደሓር ድማ፡ እዚ ሓሜት'ዚ መመሊሱ እናገደደ ዝኸደ'ምበር ዝሃሰሰ ኣይነበረን። እንተኾነ ግን፡ መሪሕነት ጀብሃ ዓባይ፡ ኣብ ቀዳማይ ውድባዊ ጉባኤኡ(1971 ዓ.ም.) ኣብ ልዕሊ'ተን ካብኡ ዝተፈንጨላ ሽንኻት ሰውራ፡ "<u>**ተመሊሰን ናብ ኣዲአን ተሓኤ ጀብሃ-ዓባይ ክጽንበራ፡ ወይ ድማ፡ ከም ጸረ ገድሊ ክሓቃ ኣሎወን**</u>" ኢሉ ምስ ኣወጀ፡ ሰለስቲአን ውድባት ማለት፡ "ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ፣ ሰልፊ ናጽነት ኤርትራን፡ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ(ዑበሊን)፡ ንድሕንነተንን ቀጻልነተንን ክብላ፡ ኣብ ትሕቲ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ(ህሓሓኤ) ተሓናፊጸን ንመጥቃዕቲ ጀብሃ ክከላኸላ ዝተገደዳሉ ሓድሽ ክውንነት ተፈጠረ። መሪሕነት ተሓኤ ጀብሃ-ዓባይ፡ ክሳብ ድሮ 2ይ-ጠቕላላ ጉባኤኡ፡ ንህዝባዊ ሓይልታት ክድምስስ ዝተዋፈረ'ኳ እንተነበረ፡ ብሓደ ወገን እቲ ውድብ ነብሱ ክከላኸል ብምብቕዑ፡ በቲ ካልእ ወገን ድማ፡ ኣብ ውሽጢ ተሓኤ ጀብሃ ጸረ ኲናት ሕድሕድ መርገጺ ዘለዎም ተጋደልቲ ብዘርኣዩዎ ተቓውሞን፡ ህዝብታትና ንስምረት ሓይልታት ሰውራ ዘቃልሑዎ ዝነበሩ መጸዋዕታ ምኽንያት፡ እናተዛሓሓለ ከደ። ግን ከኣ፡ ኲናት ሕድሕድ መሊኡ ተቛሪጹ ማለት ኣይኮነን።

ኣብ ውሽጢ ኢትዮጵያ በብእዋኑ እናተጓሃሃረ ዝመጸ ህዝባዊ ናዕቢ፡ ብወታሃደራት ተጨውዩ፡ ብመስከረም 1974 ዓ.ም. መስፍነ ብርጅዋዊ ስርዓት ሃጸይ ሃይለስላሴ ተዓለወ፤ ወታደራዊ መንግስቲ ደርጊ ፖሎቲካዊ ስልጣን ተቖጻጸረ፤ እዚ ድማ፡ ንሰውራ ኤርትራ ሓድሽ ዕድላት ፈጠረሉ። ውድብ ተሓኤ ጀብሃ ይኹን ህዝባዊ ግንባር፡ በብሸነኾም፡ ኣብ ልዕሊ መግዛእታዊ ስርዓት ኢትዮጵያ መጥቃዕቶም ብምሕያል፡ ሰፊሕ ገጠራትን መብዛሕትአን ከተማታትን ኤርትራ ሓራ ዝኾናሉ ኩነታት ተጋህደ። ከተማ ኣስመራ ብክልቲአን ውድባት ተኸቢባ፡ ናጽነት ኤርትራ ጽባሕ ድሕሪ ጽባሕ መጸት ዝብል ትጽቢት፡ ኣብ ህዝብን ተጋዳላይን ሓዲሩ ነበረ።

እንተኾነ ግን፡ ክልቲኦም ተናሓናሕቲ መራሕቲ ሓይልታት ሰውራ፡ ነዚ ጽቡቕ ዕድል'ዚ፡ ዓቕምታቶም ኣወሃሂዶም ክጥቀሙሉ ኣይከኣሉን። ጉጅላዊ ሒሳባቶም፡ እቲ ሓደ ኣብ ልዕሊ መቓብር እቲ ካልእ፡ ስልጣኑ ኣብ ሓራ ኤርትራ፡ ዘረጋግጸሉ ጥሙሕ ስለዝነበሮም እዩ። ይኹን'ምበር ንክልቲኦም ጉጅለታት፡ ሕቡእ ጥሙሖም ዘበርዕን ሓድሽ ኩነታት ተፈጠረ።

ኣብ ምብራቓዊ ክፍሊ ኢትዮጵያ፡ ኣንጻር ሰራዊት ሶማልያ(ናይ ሲያድ ባረ) ክዋጋእ ዝጸንሐ ሰራዊት ፋሽስት ደርጊ፡ ንሰራዊት ሶማልያ (ሲያድ ባረ) ደፊኡ ናብ ሃገሩ ክስሕብ ኣገደዶ። ኣብ'ዚ ኲናት'ዚ ዓወት ዝተጓናጸፈ ፋሽስታዊ ስርዓት ደርጊ፡ "<u>**ኣብ ምብራቕ ዝረኸብናዮ ዓወት ኣብ ሰሜን ክንደግሞ ኢና**</u>" ዝብል ጭርሖ ተሓንጊጡ፡ ብሓገዝ መንግስቲ ሶቭየት ሕብረት ክሳብ ኣፍንጭኡ ተዓጢቑ፡ ብዝተፈላለዩ ከባቢታት ኤርትራ፡ መጠነ ሰፊሕ ወራር ኣካየደ። ድሕሪ ናይ ሓደ ወርሒ ደማዊ ውግእ ድማ፡ ንዳርጋ ኩለን ሓራ ወጺአን ዝነበራ ከተማታትን(ብዘይካ ከተማ ናቕፋ) ሰፊሕ ገጠራት ኤርትራን ኣብ ትሕቲ ቁጽጽሩ ኣእተወን። ክልቲአን ውድባት ድማ፡ ካብ ዝተቖጻጸረኦ ከባቢታት ከንሳሕባ ተገደዳ። እዚ ድማ፡ ኣብ ተጋደልትን ህዝብን ኤርትራ ዘዕረፎ ጊዝያዊ ስነ-ኣእምሮኣዊ ማህሰይቲ ቀሊል ኣይነበረን። ኣብ ላዕለዎት መራሕቲ ሰውራ ድማ፡ ናይ ተስፋ ምቕራጽን ናይ ኣላሽነትን መንፈስ ጎሊሁ ተራእየ።

ቀንዲ ዕላማ ፋሽስታዊ ስርዓት ደርጊ፡ ብቐዳምነት ንውድብ ህግሓኤ ምድምሳስ ስለዝነበረ፡ ንደጀን ሳሕል ንምፍራስ ኣቕነዐ። ህግሓኤ ድማ፡ ንደጀኑ ሳሕል ንምክልኻል፡ ጎቦታት ሳሕልን ናቕፋን መከላኸሊ ዕርዲ ኲዒቱ፡ ናብ ከቢድ ምርብራብ ኣተወ። እዚ ምርብራብ'ዚ ክሳብ 10 ዓመታት ዝወሰደ እዩ።

ኣብ'ቲ እዋን'ቲ ሓይሊ ሚዛን ሰውራ ዝተዳኸመሉ፡ ብኣንጻሩ ፋሽስታዊ ስርዓት ደርጊ ጊዝያዊ ልዕልነት ዘረጋገጸሉ እዋን ነበረ። ኣብ'ቲ እዋን'ቲ ናይ ክልቲኡ ውድባት መራሕቲ፡ በብሸነኾም፡ ምስ ፋሽስታዊ ስርዓት ደርጊ፡ ኣብ ዝተፈላለያ ሃገራት ምስጢራዊ ርክባት ከካይዱ ዝፍትኑሉ እዋን እዩ። ጉዕዞ ተሓኤ-ጀብሃ ንንድኒ ገዲፍና፡ ናብ'ቲ ብኢሳያስ ዝምራሕ ህግሓኤ ነትኩር።

ኣብ መጀመርያ ሰማንያታት፡ ፋሽስታዊ ስርዓት ደርጊ ጊዝያዊ ወታደራዊ ልዕልነት ዘረጋገጸሉ፡ ህግሓኤ ድማ፡ ደጀኑ ብምክልኻል፡ ውድባዊ ህልውኑኡ ንምርግጋጽ፡ ኣብ ከቢድ ምርብራብ ዝኣተወሉ እዋን እዩ። እዚ እዋን'ዚ መላኺ ኢሳያስ ብመንፈስ ተስፋ ምቕራጽ ተዓብሊሉ፡ ምስ ወከልቲ ፋሽስታዊ ስርዓት መንግስቱ ሃይለማርያም ኣብ ጀርመን በርሊን፡ ምስጢራዊ ርክባት ዘካይደሉ እዋን እዩ። ኣብ'ቲ ርክብ'ቲ፡ ውልቀ መላኺ ኢሳያስ፡ ኤርትራ ምስ ኢትዮጵያ ብሪጅናል ኣውቶኖሚ(ውሽጣዊ ምምሕዳር) ክትታኣሳሰር ቅሩብ ምዃኑ ገሊጹ ምንባሩ ይግለጽ። እንተኾነ ግን፡ ፋሽስታዊ ስርዓት ደርጊ፡ ብጊዝያዊ ዓወት ሰኺሩ፡ መሊኡ ንህግሓኤ ክድምስስ ኣብ ዝህንደደሉ እዋን ብምንባሩ፡ ንመፍትሒ ሓሳብ ኢሳያስ ክቕበል ድሉው ኣይነበረን።

ብኣንጻሩ፡ ህዝብታት ኤርትራን ህዝባዊ ሰራዊት ሓርነት ኤርትራን ድማ፡ ትሕቲ ሃገራዊ ናጽነት ዝኾነ ውዑል ክቕበሉ ድሉዋት ኣይነበሩን፤ እኳ ደኣስ፡ ንወራር ፋሽስታዊ ስርዓት ደርጊ ብጅግንነትን ተወፋይነትን ተረባሪቦም ንምስዓር፡ ኣብ ሓያል መኸተ ዝተጸምድሉ፡ ነቲ ተሃንዲዱ ዝመጸ ሰራዊት ባዕዳዊ መግዛእቲ ደርጊ፡ ዘፍ ኣቢሎም ከዳኽሙዎ ዝጀመረሉ ወቕቲ ነበረ።

ኣብ'ዚ ክነመልክቶ እንደሊ ነገር ኣሎ፤ ውልቀ መላኺ ኢሳያስ፡ ኣብ'ቲ ጽንኩር እዋን'ቲ፡ ብጊዝያዊ ልዕልነት ፋሽስት ደርጊ ጃጅዩን ተስፋ ቖሪጹን፡ ውዑል ውሽጣዊ ምምሕዳር(ሪጅናል ኣውቶኖሚ) ምስ ኢትዮጵያ ክቕበል ደልዩ ምንባሩ እዩ። እዚ ሓደ ጭቡጥ ኣብነት፡ ንሕቶ ሃገራዊ ናጽነት ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ምውዳቕ ምንባሩ ምግንዛብ የድሊ።

ካልእ፡ ኣብ ውሽጢ መሓዉር ፋሽስታዊ ስርዓት መንግስቱ ሃይለማርያም፡ በብእዋኑ እናተጋደደ ዝመጸ ውሽጣዊ ግርጭት ኣብ ዝላዓለ ጥርዙ ደይቡ፡ ብ1987 ን 88 ዓ.ም. ብላዕለዎት መኮንናት ሰራዊት ደርጊ ኣብ ልዕሊ ርእሰ ፋሽስት መንግስቱ ሃይለማርያም ዝተኻየደ ናይ ዕልዋ ፈተነ ምንባሩ ዝፍለጥ እዩ። ኣብ'ቲ እዋን'ቲ ድማ፡ ውልቀ መላኺ ኢሳያስ ኣፈወርቂ፡ በይናዊ ቶኽሲ ጠጠው ምባል ስጉምቲ ምውሳዱ ዝዝከር እዩ። በዚ ቶኽሲ ጠጠው ናይ ምባል ስጉምቲ'ዚ፡ ከዐውቶ ዝደለየ ዕላማ ንጹር'ኳ እንተዘይነበረ፡ ንፋሽስት መንግስቱ ሃይለማርያም ብምዕላው ፖሎቲካዊ ስልጣን ዝቆጻጸር ሓድሽ ወታሃደራዊ መራሒ፡ ቅኑዕ ፍታሕ ከምዘይህብ ፍሉጥ ብምንባሩ፡ ቶኽሲ ደው ምባሉ፡ ንነጻነታዊ ተጋድሎና ኣወንታዊ ፋይዳ ኣይነበሮን፡ "ወጮ እንተገልበጥካዮ ወጮ" ስለዝኾነ። ግን ድማ፡ እቲ ፈተነ ዕልዋ፡ ኣብ ሞንን በርዒኑ፤ ሕልሚ ኢሳያስ ድማ፡ ቅሂሙ ተሪፉ።

ብጅግንነታውን ውፉይን ተጋድሎ ህዝብታትናን ተጋደልቲ ደቁን ተተባቢዑ፡ ኣብ መስርዕ ተጋድሎ ምቕጻል ዝመረጸ ውልቀ መላኺ ኢሳያስ፡ ምስ መሳርሕቱ፡ ንብረታዊ ተጋድሎና መሪሖም፡ ብግንቦት 1991 ዓ.ም. ኤርትራ ሃገርና ካብ ባዕዳዊ መግዛእቲ ኢትዮጵያ መሊኣ ሓራ ከምዝወጸት እንፈልጦ እዩ። ድሕሪ ክልተ ዓመት ድማ፡ መስርሕ ሪፈረንደም ብ99.8% እወ ንናጽነት ተዛዚሙ። እዚ ውጽኢት'ዚ ታሪኻዊ ዓወት ህዝብታትና ዘመስከረ እዩ።

ውልቀ መላኺ ኢሳያስ፡ ብዛዕባ መጻኢ ዕድል ኤርትራን ኢትዮጵያን ኣመልኪቱ፡ ኣብ ኣኼባ ማ/ሽማግለ ህ.ግ. ዘንጸባርቐም ዝነበረ ርኢቶታት፡ ሙሉእ ናጽነት ኤርትራ ዝዋሓጠሉ ከምዘይነበረ፡ ካብ መሳርሕቱ ኣባላት ማ/ሽማግለ ህ.ግ. ክግለጽ፡ ኣብ ሚድያ ዝሰማዕናዮ እዩ፡፡ እንተኾነ ግን፡ ተቓውሞ እናጋጠሞ፡ ድሌቱ ሓቢኡ፡ ዝጥዕም እዋን እናተጸበየ ከምዝመጸ ዘይንስሕቶ ሓቂ እዩ።

ውልቀ መላኺ ኢሳያስ፡ ኣብ ጽባሕ ሓርነት ሃገርና፡ ብዛዕባ ናይ ኮንፈደረሽን ውዑል ምስ ኢትዮጵያ ኣመልኪቱ ዘስመዖ መደረ፡ ካብ ውሳኔ መሪሕነት ህግሓኤን ንሱ ዝመርሖ መንግስትን ወጻኢ ምንባሩ ተደጋጊሙ ተገሊጹ እዩ። ኣብ ድሮ ኲናት ኤርትራን ኢትዮጵያን ድማ፡ "<u>ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ናብ ትርጉም ዘይብሉ ደረጃ ክወርድ እዩ</u>" ከምዝበለ'ውን ኣይንዝንግዖን፡፡ ፖሎቲካዊ ትርጉሙ እንታይ እዩ፡ ዝብል ንኹሉ ብሩህ እዩ። ከም ሓቂ፡ ኤርትራን ኢትዮጵያን ክልተ ጎረባብቲ ልዑላውያን ሃገራት ክሳብ ዝኾና፡ ዶብን መሊኡ ተነጺሩ ክቕመጥ ዘለዎ፡ ዝምድነኣን ድማ፡ ብዓለም ለኻዊ ሕጊ ክግዛእ ዝግብኦ'ምበር፡ ናብ ትርጉም ዘይብሉ ደረጃ ዝወርደሉ ተኣምር ኣይህሉን። እሞ ድማ፡ ብሃገራዊ ቅዋም ዘይግዛእ፡ ብህዝቢ ዘይተመረጸ፡ ብውልቀ ድልየት፡ ሓደ መራሒ ሃገር እየ ዝብል መላኺ ምዃኑ እዩ። እዚ ንባዕሉ፡ "እዛ ብርኩታ እምኒ ኣላታ" ዘብል ምንባሩ ማንም ኣይትስሕቶን።

ብርግጽ ድማ፡ ውልቀ መላኺ ኢሳያስ ኣፈወርቂ፡ እዚ መደረ'ዚ ዘስመዐ፡ ኣብ ኢትዮጵያን ክንዮኣን ዝርከባ ሃገራት፡ ከም ድልየቱ እናዓንደረ፡ ሃፍተን ካብ ሕግን ስርዓትን ወጻኢ ኣብ ዝጉሕጉሓሉ እዋን እዩ ነይሩ። ከምኡ እንተዘይከውን ነይሩ፡ ኤርትራ ናይ ባዕላ ባጤራ ኣብ ዝሓተመትሉ፡ መንግስቲ ኢትዮጵያ ድማ፡ ባጠርኡ ኣብ ዝቐየረሉ እዋን፡ ኣብ ስርዓተ ልውውጥ ባጤራታትን ናይ ንግዲ ስርዓትን ኣፈላላይ ብምፍጣሩ፡ ኢሳያስ ጠኒኑ፡ ብምስምስ ዶብ ናብ ኲናት ክኣቱን፡ ብምኽንያት ዘባርዖ ውግእ ድማ፡ ሂወት ዓሰርተታት ኣሽሓት መንእሰያትና ክቕዘፉን፡ ብኣማኢት እሽሓት ወገናትና ካብ መነባብሮኦም ክመዛበሉን ኣይምገበረን ነይሩ።

ርእሰ-ፋሽስት ኢሳያስ፡ ብ12 ግንቦት 1998 ዓ.ም. ብሃንደበት ኣብ ልዕሊ'ታ ኣብ ትሕቲ ምምሕዳር ኢትዮጵያ ዝጸንሐት ከተማ ባድመ፡ ብታንክታት ዝተሰነየ ወራር ዝወልዐ፡ ብናይ ዶብ ሕቶ ይግባኣኒ ከምዘይነበረ ዘይከሓድ ሓቂ እዩ። ብክልተ ምኽንያታት፦ 1. ጉዳይ ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን፡ ናብ ትርጉም ዘይብሉ ደረጃ ክወርድ እዩ ዝበለ መራሒ፡ ጉዳይ ዶብ ጠንቂ ውግእ ገይሩ ክጥቀመሉ ኣይክእልን። 2. ጉዳይ ዶብ ብሕጋውን ሰላማውን መንገዲ'ምበር ብሓይሊ ወይ ብኲናት መፍትሒ ስለዘይርከቦ እዩ። እምበኣርከስ፡ ጉዳይ ዶብ መመሳመሲ ጥራሕ ምንባሩ ርእሰ ግሉጽ ሓቂ እዩ ነይሩ። እቲ ቀንዲ ደራኺ ምኽንያት፡ ናይ ኢሳያስ ፖሎቲካውን ቁጠባውን ጥሙሕ እዩ ነይሩ። እዚ ምኽኑ ድማ፡ ጊዜ ባዕሉ መሊሱዎ ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ንነዊሕ እዋናት ተሓቢኡ ዝነበረ ዝኸፍአ ፖሎቲካዊ ጥሙሕ ኢሳያስ፡ ኣብ ቅርዓት ክቃላዕ ኮይኑ ኣሎ። ብኸመይ? ? ?

ርእሰ ፋሽሽት ኢሳያስ፡ ድሕሪ ናይ ክልተ ዓመታት ኲናት ዶብ፡ ብዘሕፍር መንገዲ ተሳዒሩ፡ ፖሎቲካዊ ስልጣኑ ኣብ ከቢድ ሓደጋ ምስ ወደቐ፡ ብጉያ-ጉያ ናብ ኣልጀርያ ከይዱ፡ 1/4 መሬት ኤርትራ ከባቢ ዶባት፡ ኣብ ትሕቲ ዓቃቢ ሰላም ኮይኑ ክሕሎ፡ ብዓሰርተ ኣጻብዕቱ ከም ዝተፈራረመ ዓለም ብዓለሙ ዝፈልጦ እዩ። እዚ ናይ ሰላም ስምምዕ'ዚ ድማ፡ ድሕሪ'ቲ ኩሉ ፈኸራን ዕንደራን ዝተፈጸመ ብምኳኑ፡ ናይ ህዝብታት ኤርትራ ሞራል ብዝሰብር መንገዲ ዝተፈጸመ እዩ። ጉዳይ ዶብ ናብ ዓለም ለኻዊ ቤት ፍርዲ ቀሪቡ ብይን ምስ ተዋሃቦ ድማ፡ ናይ ምምልካት መስርሕ፡ ኣብ ሞንጎ ክልቲኡ ህዝብታት ነባሪ ሰላም ብዘውሕስ፡ ክልቲኦም መንግስታት ተዛትዮም እንተፈጸሙዎ ጥቕሚ'ምበር ፈጺሙ ጉድኣት ኣይነበሮን። ምኽንያቱ፡ እቲ ናይ ኣፈጻጽማ ኣንፈት፡ ነቲ "ውሳኔ ኮምሽን ዶብ፡ ናይ መወዳእታን ቀያድን እዩ" ዝብል መርሆ ብመሰረቱ ዝቕይር ኣይነበረን። በቲ ካልእ ወገን ድማ፡ ኮምሽን ዶብ፡ ኣብ ኣፈጻጽማ ብዝምልከት፡ ክልቲኦም መንግስታት ተረዳዲኦም ኣብ ዝተሰማምዑሉ፡ ዘድሊ ምምዕርራይ ክገብሩ ዝኽልክል ስለዘይነበረ እዩ። ይኹን'ምበር ርእሰ ፋሽሽት ኢሳያስ፡ ኣብ ኣፈጻጽማ ውሳኔ ኮምሽን ዶብ፡ ፈለማ ንዛተ ዝብል ሓሳብ መንግስቲ ኢህወደግ ኣይተቐበሎን። መርገጺ ኢሳያስ፡ "ውሳኔ ኮምሽን ዶብ ብዘይ ቅድመ ኩነት ይተግበር" ደሓር ዘተ ይካየድ ዝብል ነበረ።

እዚ መርገጺ'ዚ፡ ኣብ ቁጽሮም ዘይናዓቕ ኤርትራውያን፡ ርእሰ ፋሽስት ኢሳያስ፡ ንሕጋዊ ውሳኔ ዘለዎ ምእዙዝነትን ኣብ ሃገራዊ ልዑላውነትን ናጽነትን ኤርትራ ዘለዎ ጽኑዕ እምነት ዘመልክት ገይሮም ስለዝኣመኑዎ፡ "ፈለማ ውሳኔ ኮምሽን ዶብ ኣብ ባይታ ይመልከት" ዝብል ጭርሖ ተሓንጊጦም፡ ኣጻብዕቶም ኣብ ልዕሊ መንግስቲ ኢህወደግ(ወያነ) ከወጣውጡ፡ 16 ዓመታት ሓሊፍና። ህዝብታትና ድማ፡ ብናይ ኢሳያስ "ደረቐኛ" መርገጺ፡ ንልዕሊ 16 ዓመታት፡ ከቢድ ፖሎቲካዊ ዓፈና፣ ማሕበረ ቁጠባዊ ጭቆናን ናይ ሰላምን ድሕንነትን ሂወቶም ተናጊዑ ብዓሰርተታት ኣሽሓት ወገናትና ናብ ከርፋሕ ስደት ክቃልዑ ዘገደዶም ኮይኑ። ናይ'ዞም ዝሓለፉ ልዕሊ 16 ዓመታት ከቢድ ቁጠባዊ ዕንወት በሰላ ድማ፡ ኣብ ምድሪ ኤርትራ፡ ፈጢጡ ይረአ ኣሎ።

ብ05 ሰነ 2018 ዓ.ም. ፈጻሚት ኢህወደግ፡ ውሳኔ ኮምሽን ዶብ፡ ብዘይ ቅድመ ኩነት ክትግበር ተቐቢልናዮ ኣሎና ምስ በለ፡ ርእሰ ፋሽስት ኢሳያስ ድማ፡ ድሕሪ ክልተ ሰሙን(ሰነ 20-መዓልቲ ሰማእታት) ነቲ ዝወጸ ኣዋጅ ከምዝተቐበሎ ኣረጋገጸ። ከም ናይ 16 ዓመታት ቃሉ፡ <u>በሉ መስርሕ ምምልካት ዶብ ብዘይ ቅድመ ኩነት ናብ ትግባረ ንእቶ</u> ግን ፈጺሙ ኣይበለን። እኳ ደኣ፡ ንጎድኒ ደርብዩዎ ብዛዕባ ውሽጣዊ ሰላም ኢትዮጵያ <u>ሕግብግብ</u> ክብል ረኣናዮ።

ንኹሉ ነገር ጊዜ ባዕሉ እናቃልዖ ከም ዝኸይድ ብተግባር እናተመልከትና ንጓዓዝ ኣሎና። ኣብ ድሮ ስምምዕ ሰላም ኤርትራን ኢትዮጵያን፡ ናይ ኣሜሪካ ልኡኽ ኣምባሳደር ያማማቶ፡ ናብ ኣስመራ ከይዱ ምስ ውልቀ መላኺ ኢሳያስ ተራኺቡ፡ ቀጢን ትእዛዝ ከምዝሃቦ ይግለጽ፡፡ ናብ ኣዲስ ኣበባ ተጓዒዙ፡ ተመሳሳሊ መልእኽቲ ሂቡ ናብ ዓዱ ከምዝተመለሰ ዝሰማዕናዮን ዝተኸታተልናዮን ነይሩ። እንተኾነ ግን፡ ዝርዝራቱ ሽዑ መሊኡ ኣይተቓልዐን። እኳ ደኣስ ላዕለዎት መራሕቲ ክልቲኡ ሃገራት፡ ሻምፕዮን ሰላም ኮይኖም ክረኣዩ፡ ብዙሕ ተዋስኦ ክሰርሑ ተኸታቲልና ኢና። ይኹን'ምበር እዞም ክልተ ላዕለዎት ሓለፍቲ ኤርትራን ኢትዮጵያን፡ ኣብ ኣስመራ፣ ኣዲስ ኣበባ፣ ባህርዳር፣ ኣብ ሰዑዲ ይኹን ኢማራት ኮፍ ኢሎም ተዛትዮም ዝበጽሑዎ ስምምዕ፡ ንክልቲኦም ህዝብታትና፡ እዚኣ ትባሃል ቅንጣብ ሓበሬታ ሂቦም ዘይፈልጡ ምኳኖም፡ ኣዝዩ ስጊንጢርን ኣተሓሳሳብን ኮይኑ ዝጸንሐ እዩ። "ሓቂ ብርእሳ እንተጸቐጥካያ፡ ብእግራ ትወጽእ" ከም ዝባሃል፡ ድሕሪ ከባቢ ሓደ ዓመት ፈረቓን፡ ቀንዲ ደረኽቲ ስምምዕ ሰላም ኤርትራን ኢትዮጵያን፡ ጎብለል ዓለምና

መንግስቲ ኣሜሪካን፡ ጎባልል ሃገራት ኣዕራብን ምኺኖም ኣብ ሚድያ ክትኩሱዎ ተኸታቲልና። እወ ደኣ፡ ርክባት መራሕቲ ሃገራትና፡ ከም ምስጢር ዝዕቀብ ዘሎ፡ ቀንዲ ዋናታት ዘይፈቐዱሎም ስለዝኾኑ እዮም ምባል ካብ ሓቂ ምርሓቕ ኣይኮነን።

ርእሰ ፋሽስት ኢሳያስ፡ ብፈጻሚት ኢህወደግ ዝቐረበሉ መጸዋዕታ ካብ ዝተቐበለላ ጽባሕ ጀሚሩ፡ ናይ ህዝብታትና ትጽቢት እንታይ ነይሩ? ዝብል፡ ፈጺሙ ዘማትእ ነገር የብሉን። እቲ ን16 ዓመታት፡ ኣይ-ሰላም ኣይ-ኲናት ብምስፋኑ፡ ዝተሸከሙዎ ኩሉ መዳያዊ ኣደራዕ፡ ውሳኔ ኮምሽን ዶብ ኣብ ባይታ ብህጹጽ ብምምልካት ፍታሕ ክረክብን ምስ ጎረቤቶምን ሓዎምን ህዝቢ ኢትዮጵያ ብሓፈሻ፡ ምስ ህዝቢ ትግራይን ዓፋርን ድማ ብፍላይ፡ ንቡር ማሕበራውን ቁጠባውን ዝምድነኦም ዝጀመረሉ ኩነታት ክፍጠረሎም ነበረ። ምስ'ዚ ተታሓሒዙ ድማ፡ ብዘይ ገደብ ኣብ ውትህድና ዝበልዩ መናእሰያት ደቆም፡ ናብ ትምህርቶምን ማሕበራዊ መነባብሮኦምን ዝምለሱሉ ኩነታት ምፍጣር እዩ፤ ምስ ኲናት ዶብ ብዝተታሓሓዘ፡ ብዘይ ፍርዲ ኣብ ዘይፍለጥ መዳጎኒታት ተኣሲሮም ዝሳቐዩ ዘለዉ ደቆም፡ ቀልጢፎም ፍታሕ ዝረኽቡሉ ኩነታት ክፍጠር ይጽበዩ ነይሮም፤ ሃገር ኣብ ትሕቲ ሃገራዊ ቅዋም፡ ህዝብታትና ድማ ብዝመረጹዎ መራሒ ክማሓደሩ ሃንቀው ይብሉ ነበሩ. . . . . .ወዘተ።

ህዝብታት ኤርትራ፡ ካብ ጽባሕ ስምምዕ ሰላም ጀሚሮም እንታይ ዝረኸቡዎ ረብሓ ኣሎ እንተኢልና ድማ፡ ኣፍካ መሊእካ ትዛረበሉ ፍታሕ የልቦን። ኩሉ ኣብ ክሊ ፖሎቲካዊን ዲፕሎማስያዊን ረብሓታት ኢሳያስን ጉጅልኡን ዝተሓጸረ እዩ። ልዕሊኡ'ውን ካልእ ሓደጋ ኣንጸላልዩ ኣሎ። ርእሰ-ፋሽስት ኢሳያስ፡ ንጉዳይ ዶብ ከም ፈኸርኡ መዕለቢ ኣይገበረን። ንምንታይ ዝብል፡ ካብ ወጋሕትኡ ኲናት ከባርዕ ዝደረኾ ምኽንያት ጉዳይ ዶብ ብፍጹም ስለዘይነበረ'ዩ። ስለዝኾነ'ውን ህዝብታትና ዝተጸበዩዎን፡ ድልየት ኢሳያስን ሕቖን ከብድን ኮይኑ ቀጺሉ ኣሎ።

ርእሰ-ፋሽስት ኢሳያስ፡ ካብ ኤርትራ ሰጊሩ ካልእ ፖሎቲካውን ቁጠባውን ጥሙሕ ዝነበሮን ዘለዎን እዩ። ነዚ ጥሙሕ'ዚ ከየተግብር ከም ቀንዲ ዕንቅፋት ገይሩ ዝወስዶ ንህወሓት እዩ። ምስ ስምምዕ ሰላም ተታሓሒዙ ድማ፡ መሪሕነት ህወሓት "ተዳኺሙ" ኣብ መቐለ "ተሸጉጡ" ኣሎ ኢሉ ስለዝገምገመ፡ ንስምምዕ ሰላም ክቕበል እንከሎ፡ <u>Game Over</u>(ጸወታ ኣብቂዑ) ከምዝበለ ዝሰማዕናዮ እዩ። ኢሳያስን ልኡኻቱን፡ ነታ ህወሓት ዝተዓቐበላ ትግራይ ብነፋሪት ብልዕሊኣ እናሓለፉ፡ ኣዲስ ኣበባ፤ ክልል ኣምሓራ፤ ኦሮምያን ደቡብን ክበጽሑ ጸኒሖም እዮም። ሕሉፍ ሓሊፉ፡ ውልቀ መላኺ ኢሳያስ፡ ኣብ ሃዋሳ ኣብ ዝተዳለወሉ እንግዶት፡ ንመራሒ ኢትዮጵያ፡ "<u>**ብዘይ ቃልዓለም ንስኻ ክትመርሓና ሓላፍነት ሂበካ እየ**</u>" ክብሎ ተኸታቲልናዮ ኢና። ኣብ ኣዲስ ኣበባ ሚለንዩም ኣዳራሽ ድማ፡ ብጣቕዒትን ፋጻን ተሳተፍቲ ተመሲጡ፡ ወዮ ቀደም ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኢትዮጵያ ብሓፈሻ፡ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኣምሓራ ድማ ብፍላይ ዝድርጉሖ ዝነበረ ብደዐ ረሲዑ፡ "<u>**ህዝቢ ኤርትራን ኢትዮጵያን ሓደ ህዝቢ እዮም፤ ክልተ ህዝቢ እዮም ዝብል እንተሃልዩ፡ ታሪኽ ዘይፈልጥ ጥራሕ እዩ**</u>" ክብል እንከሎ፡ ኩሉ ንሚድያ ኢትዮጵያ ዝተኸታተለ ሰሚዑዎ እዩ።

እዚ መደረ'ዚ፡ ብሓደ፡ ብሃገራዊ ቅዋም ዘይግዛእ፡ ብህዝቢ ዘይተመረጸ ውልቀ መላኺ ዝቐረበ ብምኻኑ፡ ኣብ ትዕዝብቲ ለባማት ዘውድቐ'ኳ እንተኾነ፡ ንህዝብታት ኤርትራ ግን፡ ከቢድ ውርደትን ኣብ ልዕሊ ልዑላውነቶምን ናጽነቶምን ዝተደርበየ ሚሳይል እዩ። ስለዝኾነ'ውን፡ እቲ ቀደሙ'ውን ኪቃወም ዝጸንሐ ኤርትራዊ ጥራሕ ዘይኮነስ፡ እቲ ምስ'ቲ ስርዓት ዝደናገጽ ዝነበረን ኣባላት ህግደፍ'ውን ከይተረፉ ዘቖጠዐን፡ ናይ ይኣክል ምንቅስቓስ ከም ማዕበል ክጓዝም ዝገበረ እዩ። ብኣንጻሩ ርእሰ ፋሽስት ኢሳያስን ጉጅልኡን፡ ከም ኣባ-ጎብየ ርእሶም ንውሽጢ ሓቢኦም፡ ነቲ ኣብ ልዕሊኦም ዝተወልዐ ተቓውሞ ንምዝራግ ናብ ሰፊሕ ምንቅስቓስ ክኣትዉ ጸኒሖም እዮም።

ርእሰ ፋሽስት ኢሳያስ፡ ነተን ኣብ ሃዋሳ ይኹን ኣዲስ ኣበባ ዘቕረበን መደረታት፡ ንህዝብታትና ኣበሳጭየንን ኣነዲረንን ምህላወን እናፈለጠ፡ 'ይቕሬታ' ፈጺሙ ኣይሓተተን። ኢሳያስ ዝደለያ፡ ሰው ኣቢሉ፡ ተቓውሞ ከጋጥሞ እንከሎ፡ ንግዝይኡ ይስሕባ'ምበር፡ ፈጺሙ ከምዘይድርብያ፡ ኣከይይዳኡ ሕርሕራይ ገይርና ተኸታቲልናዮ ኢና።

ርእሰ-ፋሽስት ኢሳያስ፡ ብስምምዕ ሰላም ዝተጸበዮ ዓወት፡ ከም ዝሓሰቦ ኣይሰለጦን። ብህዝብታትና በብእዋኑ ተቓውሞታት እናተወለዖ ክኸይድ ጀሚሩ። ጽልዋ ምዕባለ ኢትዮጵያ ብሓፈሻ፡ ናይ'ታ ኣብ ቀረባና ዘላ ክልል ትግራይ ድማ ብፍላይ፡ ድቃስ ዝሃቦ ኣይኮነን። ንልዕሊ 20 ዓመታት ኣብ ዝዓነወት ሃገሩ ተሓጺሩ፡ ብህግደፍ ዝዝርግሓሉ፡ ንዝተፈላለያ ሃገራትን መንግስታትን ዘካፍእ ዜናዊ ሓበሬታታት ከዳምጽ ዝጸንሐ ኤርትራዊ፡ ዶብ ሰጊሩ ንትግራይን ካልኦት ከባቢታት ኢትዮጵያን ምስ ተመልከተ፡ ኣብ ልዕሊ ሃገሩ ወሪዱ ዘሎ ዕንወት ክግንዘብ ክኢሉ እዩ። ቀንዲ ተሓታቲ ድማ፡ ውልቀ መላኺ ኢሳያስን ጉጅልኡን ምኻኖም ተገንዚቡ። በቲ ካልእ ድማ፡ ወያ ደጊም ተዳኺማ ኣብ መቐለ ተሸጒጣ፡ ሞታ ትጽበ ኣላ ዝተባሃለት ህወሓት ድማ፡ ደጀንነት ህዝባ ኣጠናኺራ፡ ብቐሊሉ ዘይትቐርጠም ምኻና ብምዕዛቡ፡ ኣብ ትጽቢቱ ዘይነበረ፡ ከቢድ ሕማም ርእሲ ኮኖ። እዚያት ኩሉ ደማሚሩ፡ ናብ'ታ ን16 ዓመታት ዝተሸጎጠላ ባዓቲ ዓዲ ሃሎ ተመሊሱ፡ ንኹለን ተኸፊተን ዝነበራ ኣፍ-ደገታት ዶብ ሎኩቱ፡ ንህዝብታትና ናብ'ቲ ዝነበሩዎ ተነጽሎን ከቢድ ማሕበረ

ቁጠባዊ ዓዘቕትን ኖቕኁቱዎም ይርከብ። ዳግም ኲናት ኣጒዱ ዝተረፈ ሰብኣዊ ዓቕምን ሃብትን ኤርትራ ከብርስ ድማ፡ "<u>ወያነ መሬትና ከረክበና ድሉው ኣይኮነን፡ ስለዚ ኲናት ምጅማሩ ኣይተርፍን እዩ፤ ተዳለዉ፤</u>" ዝብል ፍሹል ወፈራ እናካየደ ጸኒሑን ኣሎን።

በቲ ካልእ ወገን ድማ፡ ርእሰ ፋሽስት ኢሳያስ ምስ ልኡኹ፡ ኣብ መበል ሳልሳይ ሰሙን ወርሒ ታሕሳስ 2019 ዓ.ም. ናብ ኣዲስ ኣበባ ንክልተ መዓልታት ገይሹ ምንባሩ እንዝክሮ እዩ። መገሽኡ ወዲኡ ቅድሚ ምምላሱ ዘቕረቦ ሓጺር መደረ፡ መቐጸልታ ሃዋሳን ንዕኡ ዘጠናኸር ምኽኑን ዘረጋግጽ እዩ። ርእሰ-ፋሽስት ኢሳያስን ልኡኹን፡ ንክልተ መዓልቲ ዝመጹ'ኳ እንተነበሩ፡ ሳርፕራይዝ ስለዝበዝሖም፡ ክልተ ሰሙን ወይ ድማ ክልተ ወርሒ ዝገበሩ ኮይኑ ከምዝተሰመዖም ዝገልጽ ስግንጢር መልእኽቲ ኣመሓላሊፉ። ኣብ'ቲ እዋን'ቲ፡ "<u>ሰለስተ ወለዶ ብዘይ ምኽንያት ተረሓሒቕና ጸኒሕና፤ . . . ሰለስተ ወለዶ ከሲርና</u>" ብምባል ከምዝመደረ ድማ፡ ተኸታቲልናዮ ኢና።

ሰለስተ ወለዶ ክብል እንከሎ እንታይ ማለቱ ይኸውን ንዝብል ሕቶ፡ ብዝያዳ ባሃሊኡ ዝፈልጦ ኮይኑ፡ ንዘበነ፡ ሃጸይ ሃይለስላሴ፣ መንግስቱ ሃይለማርያምን ዘበነ ቀዳማይ ምኒስቴር መለስን ቀዳማይ ምኒስቴር ሃይለማርያም ደሳለኝን ክኸውን ይኽእል እዩ ኢልካ ምግማት ይከኣል። ኣብ እዋን እቶም ክልተ ቀዳሞት መንግስታት፡ ህዝብታት ኤርትራ ምእንቲ ሃገራዊ ነጻነቶም መሪር ሰላማዊ ፖሎቲካዊ ቃልስን ነዊሕን መሪርን ብረታዊ ተጋድሎ ዘካየዱሉ እዋን እዩ። ከቢድ ኩሉ መዳያዊ መስዋእቲ ዝኸፈሉሉ፡ ዓለም ብዓለሙ ዝፈልጦ ጭቡጥ ምኽንያት ዘለዎ ዘበን እዩ። ኣብ ዳሕረዎት ክልተ መንግስታት ድማ፡ ርእሰ ፋሽስት ኢሳያስ፡ ብምኽንያት ዶብ ኣሳቢቡ ኣብ ዝወልዖ ኲናት፡ '<u>ክተት! ልዑላውነትን ናጽነትን ሃገርካ ተኸላኸል</u>' ኢሉ ኣብ ዝጸውዖን፡ ድሕሪ ኣጠቓላሊ ስምምዕ ሰላም ድማ፡ ውሳኔ ኮምሽን ዶብ ኣብ ባይታ ኣብ ምምልካት ብዝተፈጠረ ፍልልይ፡ ዝቐጸለ ኣይ-ሰላም ኣይኲናትን ዘጠቓልል ዘበን እዩ። እዚ'ውን፡ ህዝብታትና ከቢድ ዋጋ ዝኸፈሉሉ፡ ጭቡጥ ምኽንያት ዘለዎ ዘበን እዩ። ግን ከኣ፡ ጥሙሕ ርእሰ ፋሽስት ኢሳያስ፡ ካብ ህዝብታትና ተኸዊሉ ዝጸንሐ ብምዃኑ፡ ደጊም ዘበነይ መጺኣትለይ ኣላ ኢሉ ኣብ ዝሓሰበላ እዋን፡ ነቲ ብቅቡልን ፍሉጥን ምኽንያት፡ ክንራሓሓቕ ገይሩና ዝጸንሐ፡ ከቢድ ናይ ሂወት፣ ንብረትን ጥሪትን መስዋእቲ ዝኸፈልናሉ ሰለስተ ዘበን፡ "<u>ብዘይ ምኽንያት ክንረሓሓቕ ጸኒሕና</u>" ብምባል ከላግጸሉ ምፍታኑ ዘገርም ኣይኮነን። እኳ ደኣስ ተኸዊሉ ዝነበረ ሓቀኛ መንነቱ ክቃላዕ ዝገበረ ብምዃኑ ኣይከፍኣናን።

ርእሰ ፋሽስት ኢሳያስ፡ ብሰላሕታዊ ኣከያይዳኡ፡ ንኤርትራ ኣካል ኢትዮጵያ ብምግባር፡ ፖሎቲካውን ቁጠባውን ጥሙሑ ከማልእ ቆሪጹ ተበጊሱ ምህላዉ፡ ዘመልክቱ ተርእዮታት ካብ እዋን ናብ እዋን እናገዘፉ ይኸዱ ምህላዎም ንዕዘብ ኣሎና። ኣብ ውሽጢ ሃገር ይኹን ኣብ ዲያስፖራ፡ ነዚ ሓደጋ'ዚ ብምቅዋም 'ይኣክል' ዝብል እዋናዊ ጭርሖ ክቃላሕ ጸኒሑን ኣሎን። ኣብ ዝተፈላለዩ ማሕበራዊ ሚድያታትን ናይ ግሊ ማዕከናት ተለቪዥንን ሬድዮታትን፡ ከምኡ'ውን ናይ ፖሎቲካዊ ውድባት ሬድዮታት፡ ነዚ ሓደጋ'ዚ ንምዕጻፍ ዘተባብዕ ምንቅስቓስ ክካየድ ጸኒሑን ኣሎን። ዝተፈላለዩ ኣካላት ድማ፡ ኣብ ሞንጎ ፖሎቲካዊ ውድባት ዝጸንሐ፡ ንገባቲ ስርዓት ኢሳያስ ዕድል ዝህብ ፍልልያት ብምፍታሕ፡ ተቐራሪቦም ዝሰርሑሉ ኩነታት ንምፍጣር ዝናኣድ ጻዕርታት ከካይዱ ጸኒሖም ኣሎዉ። ግን ከኣ፡ ምስ'ቲ ኣብ ልዕሊ ናጽነትና፣ ልዑላውነትናን መጻኢ ዕድል ህዝብታትናን ኣንጸላልዩ ዘሎ ገዚፍ ሓደጋ ዝመጣጠን ከምዘይኮነ ዝሕባእ ኣይኮነን። እዚ ፋሽስታዊ ስርዓት'ዚ ድማ፡ ኣብ ቅርዓት ተቓሊዑ ዘሎ መንነቱ ብምሕባእ፡ ናይ ህዝብታትና ናይ ይኣክል ምንቅስቓስን ናይ ፖሎቲካዊ ውድባትና ምቅርራብን ንምዝራግ፡ ብብሄር፣ ብሃይማኖትን ብኣውራጃን ከናቑረና ዝለዓለ ምርብራብ ከካይድ ንርእዮ ኣሎና። ብተወሳኺ፡ ህዝቢ ትግራይን ህወሓትን ኣብ ናጽነትን ልዑላውነትን ኤርትራ ዝጸንሖምን ዘለዎምን ዘይዕጻፍ መርገጽን፡ ምስ ህዝብታት ኤርትራ፡ ብመንፈስ ሕውነት ተቐራሪቦምን ተደጋጊፎምን ክዓብዩ ዘለዎም ሰናይ ድሌት ንም'ብላል፡ ከይሰልከየ ጽልእን ቅርሕትን ንምስዋር ይንቀሳቐስ ኣሎ፡፡ እንተቐኒዑዎ ድማ፡ ኣብ ጎድኒ ሓይልታት ትምክሕቲ ኢትዮጵያ ተሰሊፉ፡ ንህዝብታት ኤርትራ ኣንጻር ህወሓትን ህዝቢ ትግራይን ናብ ኲናት ከእትዎም፡ ላዕልን ታሕትን ይብል ምህላዉ፡ ኣብ ሰራዊትን ህዝብን ከካይዶም ዝፍትን ጎስጓሳትን ኣብ ማሕበራዊ ሚድያ ዘካይዶም ዘሎ ወፈራታትን ንከታተሎ ኣሎና። ስለዚ ድማ፡ እዚ ብውሽጥን ብደገን ኣብ ልዕሊ ልዑላውነትናን ናጽነትናን ዘንጸላሉ ዘሎ ሓደጋ ንምዕጻፍ፡ ከም ፖሎቲካዊ ሓይልታት ኣብ ዘራኽቡና ሓባራዊ ዕላማታት ተዋዲድና፡ ፍልልያትና ብግቡእ ኣማሓዲርና፡ ናይ ህዝብና ናይ ይኣክል ምንቅስቓስ ንምጥንኻር፡ ኣብ ውሽጡ ዝረኣዩ ዘለዉ ጸገማት ኣብ ምፍታሕ እጃምና እናበርከትና፡ ዲሞክራስያዊ ቃልስና ክነደልድል ይህልወና። ውድብና ሰውራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ(ሰደግኤ) ኣብ ክሊ ኤርትራዊ ሃገራዊ ግንባር(ኤሃግ) ተጠርኒፉ፡ ካብኡ ዝጥለብ እጃም ከበርክት ድሉው ምዃኑ የረጋግጽ።

ቤት-ጽሕፈት ዜናን ባህልን፡
ሰውራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ(ሰደግኤ)
ወርሒ ጥሪ 2020 ዓ.ም.